# ኰን ንባዕልኻ

ኣነ ክኸውን ባዕለይ ኰን ንባዕልኻ
ቀልጢፉ ኣይሰለብ ልብኻ
ረሸሽ ኢሉ ኣይድከም ብርክኻ
ድምጺ ኣቡናት'ከ ሰሚዕካ'ዶ ቐኒኻ
ክጠርዑ ተጣሪያም እንዳበሉ ኣበሎ ሓውኻ
ብዱዓት ምስ ተጋሰሱኻ
ብምራን ባርነቶም ቀፊዶም ድሃኾኻ
ጠይቂ ዲኻ ኣድጊ ክንድዚ ዘሕስሩኻ
ካብ ድላዮም ኣልዒሎም ኣብ ድላዮም
ዘንብሩኻ
ከም ድስትን ሽሓንን ናይ ውሻጠ ኣቕሓ
መርከብ ባርነቶምሲ ተውጻኣካ'ላ ነነዲሓ
ኣብ መንገዲ ትረኽበካ ኰላ ሸሸላሓ፡ ኰላ
በበላሓ
ማእከላይ ባሕሪ'ኽኣ ትቕበለካ ኣእዳዋ ዘርጊሓ
ኣብ ማህጸና ከተንብረካ እምብዛ ራሕሪሓ

ሰብ እኮ ኢኻ ምስ ግርማኻ
ምስሊ ኣምላኽ እኮ'ዩ እቲ ምስልኻ
ሎምስ ይኣክል በሎም፡ ጨቆንትኻ
ሓጺን ዝማህጸኖም ረገጽቲ ከብድኻ
ተራእዮም ተሰሚያም ዘይፈልጡ ኣብ ዛንታኻ
ከም ግራኝ ዘጽንቱ ሰብ፡ ከብቲ፡ ኣቕሓ
ከም ውብ ቆሎ ዝውትፉ ኣብ እዝንኻ
ወንጨፍ'ኳ ሃሪማ ትልግስ መቓልሓ
ወረ ከመይ ኢሉ ኣቶ እዚ ንእሽቶ ፈርኦን ኣብ
ገዛኻ
ኣቢሰ'የ ኢሉ ዘይገብር ንስሓ
ሎምስ ጠፊኣቶ እታ ቍጻር ከመይ ጌሩ
ከምዝፈትሓ
መንፈሱ ተሰዊራ ስኢና ዝመርሓ
እንታይ'ያ ኲይና ክንድ'ዚ ጨኪና፡ ተሪራ፡
ከዊሓ
ወረ ሎምስ ጸለል መለል'ክኣ ኣብዚሓ
ኣርወ ለይቲ ኲይና መንእሰያት ዝምስሓ
ቆለ ተታሒዛ ዪሕ ትብል ጭጕራፋ ዘይጊሓ
እንታይ'ያ ኲይና'ኸ ትንቁ ዘላ ከም ኣሓ
ዓቢራ ድያ ሰቢሓ
ጾር ከቢድዋ ዒሕ ኣብዚሓ
ሃጠው ቀጠው ትዛረብ ወጊሓ ጸቢሓ
ደርሆ'ዶ እንቋቕሖ ኣደ ደርሆ እንዳበልካ ሰበኻ
ኣውፊሩ ዘየእቱ ያላኻ
መብጽዓኣ ከዲዓ ከቶ ዘየሕንኻ
ኣረገውቲ ኣእዛን'ኳ ጸሚመን'የን፡ ሓደሽቲ'ኽኣ
ላሕልሓ

ኣእምሮ'ውን እምቢ ኢላ፡ ደስኪላ፡ ጠንጢና
ስራሓ
ሓሚማ'ዲኻ ትብላ ጕሪሓ
ጸሕሊ ህዝቢ ትሰብር፡ ካብ ህዝቢ ተለቂሓ
ሎምስ ቃላት እኳ ሰኣንናላ ዘነስሓ
ንኣቡን ካብ ደርገመት ንማሕቡስ ኣምሪሓ
ንኣካል ኣድውያ፡ ንመንፈስ ኣርሲሓ
ዕሽላት ጕሓፈቶም ብመዓልቲ ጐዳሕጕሓ
ነውሪ'ዩ ሎምስ ምንሓፋ፡ ምሕናኻ
ዝበልዓቶ ካብተፍኤት ጐረርኣ ሓሓኺኻ
ተኻዕብት ኣላ እልፊ ቀስሊ፡ ኲይና ደምበ ድኻ
ሕማማስ ንእሽቶ ኣይኮነን ከም ዓበቕ፡ ጅግል፡
ስሓ
ፌራኣ ተላጋቢት'ያ ትርሕብ፡ ገፊሓ
ትምር ተባሂላ ዘይትወጽእ ብሓኻይም ተሓኺኻ
ህዝብና'ኽኣ ኣደራዕ ተሰኪሙ ይብል ኣሎ
ንኣምላኻ ሓደራኻ

ሰብ'ዶ ኣሎ ኣብዚ ዓዲ ምሳኻ
ምኽሪ ዝህብ ዝብል ኣጆኻ
ለብም ኣይትዓሹ ፍለጥ መእተዊኻ
ልብን ሰዕርን ቀስ ኢላ'ያ ትበቍል ጸጸኒሓ
መዓጹ ትኽፍት ብርሃን ሽግ ኣምሪሓ
ምስኣተወት ተውጽኦም ንመለኽቲ ሸሸንዲሓ
ናሕ ኣቢላ ትድርብዮም ራሓሪሓ
ሞጕሚጓ እወ ተውጽኦም ከም ሓሰኻ
ንስኻ'ኽኣ ተሓጕምካ ትረክብ ፍስሃ

ተቓውሞኻ ይፍነን ካባኻ
ጽመዶ እቲ ህርኰት ኣእምሮኻ
ኣይጸንቀቕ ሓርቢ ናይ ሓቦኻ
ነዊሕ እዩ ዘሎ እቲ ጕዕዞኻ
ጸልማት ኣይተቕነጠጠን፡ ኣይነቀወን ደርሆኻ
ዳግማይ ኣብ ዱር እኔኻ ኣቲኻ
ፍለጦ ሕጊ ዓዲ፡ ፍለጦ ሕጊ ናይ በረኻ
ከይትህውትት ስሒትካ መገድኻ
ከይትስእኖ ካብ ዱር መውጺኢኻ

ኣነኸ እንታይ'የ ዝሰምዕ ዘለኹ ኣብዚ ዕምረይ
ክሰምያ ዘጽበለይ ዓቕለይ
ገለ ይኽስስ እንዳበለ ኣስላማይ
ገለ'ኽኣ ዓዋን ሓማሴናይ
ምስ መንግስቲ ዝጠብቕ ከም ምሊሻ ስርናይ
ገለ ይዝንጥል እንዳበለ ሃቡኒ እታ ላማይ
ዘሕምቖ ኣለኒ በትረይ ናባይ
ትሓሙ'ዶ ነዚ ሰሚዕኩም ከምዚ ኽማይ

ሃገራውነት ከተንቆልቍል ከላስ ከምኣ'ያ
እሮማይ
ቋሕ ኢልካ ሰምያ ከምዛ ዓለም ጣልማይ

ሰብሲ ይወጽእ ኣሎ ከም ማይ
ገሊኦም ይዝረፉ ብኽታራይ
ገሊኦም ይቕተሉ ብበደወ ሲናይ
ዝተረፉ ይኾኑ ቀለብ ቀላይ
ዓምጺጹ ዝወስዶም ከም ሃዳናይ
ይሰንጎም ኣሎ እንዳበሉ ዋይ ዋይ
ኣብ ከብዲ ባሕሪ ተሰሪዖም ዝኸዱ ከም ንዋይ
ኣነስ ኣይፈለጥኩን ማይ ከምዝኸውን ኣባይ
እፈትዎ'የ ነይረ ከም ሳርያን ዓለባይ
ወረ እጽልየሉ እንዳበልኩ ኣቡነ ዘሰማይ
ማይ ጨሎት ተባሂሉ ምስ ሰረበ ናባይ
ቀዲሔ ዝሰትዮ ካብታ ዕትሮ፡ ሳርማይ

ደምበር'ዶ ቆፎ ንህብና ኣይቀረቦን ትኪ
እንታይ'ድኣ እዩ'ኸ ዕምሩ ነዊሑ እቲ ምልኪ
ተመኺሩ ስበት ዘይንኪ
በዚሑ ኡይ ዝብል ዝነብዕ፡ ዝበኪ
ኣበይ'ዩ ዘሎ እቲ ኣበር እቲ ጠንቂ
ህዝብና ሱባኤ እቶ ሓጥያትካ ነኪ
ንሓዋሩ ከይኣትወካ ሰንኪ
ከይትስመ ነጻነት ኣምጺኡስ ኲይኑ በትኪ
ሃገርካ ኣእጋራ ተሓምሺሻ ምስ ሰኣነት ብርኪ

ንግደፎ ነርሕቆ ምባል እዚኣቶም
ናውትና ነልዕል፡ የልዕሉ ናውቶም
ኵሎም ደቂ ሃገር'ዮም በብናቶም
ሰብ ድሙቕ ሕብረታት ቀስተ ደበና ዝቕናቶም
ሓረግ ምምዛዝ ኣየድልየናን'ዩ ብዓልየቶም
ገንኢ ምኽፋት ኣየድልየናን'ዩ ኣቲና ኣብ ቤቶም
ደቂ ኣዳም እዮም ኢልና ንሕደጎ እቲ ናቶም
ደቀ ኣባት እንዳበልና ኣይነፍኵሶ ክብረቶም
እሱ'ኽኣ'ዩ ንሰብን ኣምላኽን መፍቶቶም

ሰለሙን ይከኣሎ
ግንቦት 2017